TIGRIGNA

**Advanced Learning**
*Mailing address: M.S. 32-936 – P.O. Box 34165 Seattle, WA 98124-1165*
*Web address*: http://www.seattleschools.org/area/advlearning/index.xml *Phone: 206-252-0130*

# ሓበሬታ ዝሓዘ ፖኬት

## ሓደ ተመሃራይ ኣብ ናይ ዝለዓለ ትምህርቲ ፕሮግራም ኪመሃር ኪፍተን ብኸመይ ክመርጽ ይኽእል ?

ወለዲ፣መማህራን/ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታትን ናይ ኮሚቲ ኣባላት ሓደ ተመሃራይ ምእንቲ ኪፍተን ኪመርጹ ይኽእሉ እዮም፤ ነገር ግን ነቲ ፈተና እቲ ተመሃራይ ኪወስድ ናይ ወላዲ ናይ ፈቓድ መሃቢ ቅጥዒ ንወለዲ ተዋሂቡ ብወለዲ ክምላእ ኣለዎ። ናይ መማህራን/ሰራሕተኛ ሓሳብ መሃቢ ቅጥዒውን ከድልይ እዩ። ክልቲኡ ቅጥዒ ቅድሚ ጥቅምቲ(ኦክቶበር) 8, 2008* ተመሊኡን ተፈሪሙን ክምለስ ኣለዎ።(*ንኪንደርጋርተን ተመሃሮ ጥራይ፡ ናይ መማህራን/ሰራሕተኛ ቅጥዒ ሕዳር 12, 2008፤ ናይ ወለዲ ቅጥዒ ድማ ጥቅምቲ 8, 2008 ክምለስ ኣለዎ)

## ናይ መምረጺ ቅጥዒ ኣበይ ክረክብ ይኽእል ?

ናይ መምረጺ ቅጥዒ ኣብ ናይ መባእታውን ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ቤት ጽሕፈት፤ኣብ ናይ መመዝገቢ ማቢያታት፣ ኣብ ናይ ባይሊንጓል ቤተሰብ ማእከል(252-7750) ከምኡውን ኣብ ናይ ጆንስታንፈርድ ናይ ትምህርቲ ማእከል ይርከብ። ከምኡውን ኣብ ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ዌብ ሳይት በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትረኽብዎ ትኽእሉ፤ www.seattleschools.org/area/advlearning/index.xml.

## ነቲ ናይ መምረጺ ቅጥዒ ኣበይ ክመልሶ ይግብኣኒ ?

ነቲ ዝተመልአ ናይ ወላዲ ፈቓድ መሃቢ ቅጥዒ ንቤት ትምህርትኹም ጸሃፊ ክትህቡ ወይ ድማ ኣብ ላዕሊ ትሓቢሩ ናብ ዘሎ ኣድራሻ ክትልእክዎ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ቅጥዒ ንመማህራን ክትህቡ የብልኩምን። መማህራን/ሰራሕተኛታት ነቲ ናይ ሓሳብ መሃቢ ቅጥዒ ንቤት ትምህርቲ ጸሓፊ ኪህቡ ወይ ብፖስታ ኪልእኹ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ናይ ግሊ ቤት ትምህርቲ ዚመሃሩ ቆልዑ ዘለዎም ወለዲ ነቲ ቅጥዒ ኣብላዕሊ ተሓቢሩ ናብ ዘሎ ናይ ኣድቫንስድ ለርኒንግ ፕሮግራም ኣድራሻ ምስ ዘይምለስ ናይ $90 ዶላር ቼክ ንመሳለጢ ኪልእኩ ኣለዎም። ፋክስ ዝተገብረ ወይ ድማ ብኢሜል ምልኣኽ ቅቡል ኣይኮነን።

## ካብ ናይ ሲያትል ናይ ቤት ትምህርቲ ምምሕድዳር ወጻኢ ዝነብር እንተኾይኑ ውላደይ ክፍተን ክመርጽ ይኽእልዶ ?

ኣይከኣልን። እቶም ተመሃሮ ኣብ ውሽጢ ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ምምሕድዳር ክነብሩ ወይ ድማ ኣብ ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ዝመሃሩ ኪኾኑ ኣለዎም።

## ውላደይ ዝፈተነሉ መዓልቲ መኣስ ከምዝኾነ ክሕበረኒ ድዩ ?

ናይቲ ፈተና ዚወሃበሉ መዓልትታት ኣብቲ ዝለኣኽልኩም ናይ ቆጸራ ደብዳቤ ኪግለጸልኩም እዩ። ወለዲ ድማ ናይቲ ቆጸራ ድብዳበ ካብ ጥቅምቲ ስጋብ ታሕሳስ ኣብ ዘሎ ጊዜ ኪበጽሖም እዩ። ናይቶም ቆልዑ ናይ መጀመሪያ ፈተና ከም ናይ ክፍሊ ደረጅኦም ኪፈላለይ ይኽእል እዩ። እቲ ፈተና ኣብ መወዳእታ ጥቅምቲ ተጀሚሩ ስጋብ ጥሪ 2009 ኪወሃብ እዩ። በቲ ንወለዲ ዝለኣኽ ደብዳበ ኣቢሉ ድማ ናይቲ ፈተና መዓልትን ዓይነት ፈተናን ኪግለጸል እዩ።

## ወለዲ ደቆም ኣብዝፍተኑሉ እዋን ክዕዘቡ ይኽእሉ ድዮም ?

ኣይክእሉን። ነቶም ፈተና ዚወስዱ ተመሃሮ ክርብሽ ይኽእል እዩ። ተመሃሮ ተዓዘብቲ ኣብዘይህልውሉ ጊዜ ዝበለጸ ከምዝዓዩ ተፈሊጡ ኣሎ።

## ናይ ግሊ ቤት ትምህርቲ ተመሃሮ መኣዝ እዮም ዚፍተኑ ?

ኣብዚ እዋን ኣብ ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ዘይመሃሩ ተመሃሮ ዝፍተኑሉ መዓልቲ ቀዳም እዩ። ናይ ፈተና ቦታ ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ መባእታዊ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ኪኸውን እዩ። ናይቲ ፈተና ዝግበረሉ መዓልቲ ናይ ቆጸራ መዓልቲ ዝሓዘ ደብዳቤ ድማ ካብ ጥቅምቲ(ኦክቶበር) ፍርቂ ስጋብ ታሕሳብ ኣብ ዘሎ ጊዜ ክለኣኽ እዩ።

## ናይ ውላደይ ናይ ፈተና ውጽኢት መኣዝ እየ ዝፈልጦ ?

ብቑዕ ምዃኖም ዝገልጽ ናይ መወዳእታ ውጽኢትን ናይ ፈተና ውጽኢትን ኣብ ጥሪ(ጃንዋሪ) 16, 2009 ከባቢ ኪለኣኽ እዩ። ብቑዕ ምዃኖምን እቲ ናይ ፈተና ውጽኢትን ብደብዳበ ጥራይ እዩ ዝግለጽ። ኣቐዲምካ ብቴሌፎን፣ኢሜል ወይ ፋክስ ብምግባር ኣይግለጽን እዩ።

**ናይ መምረጺ ቅጥዒታት ዝምለሰሉ ዕለት ጥቅምቲ(ኦክቶበር) 8, 2008 እዩ።**

TIGRIGNA

**Advanced Learning**
*Mailing address: M.S. 32-936 – P.O. Box 34165 Seattle, WA 98124-1165*
*Web address*: http://www.seattleschools.org/area/advlearning/index.xml *Phone: 206-252-0130*

## እቲ ዝወሃብ ፈተና እንታይ ዓይነት እዩ ?

ኩሎም ተመሃሮ ናይ ፍልጠት መምዘኒ ፈተና( the *Cognitive Abilities Test* ) ኪወሃቦም እዩ። ከም ናይ ክፍሎም ደረጃን ብቑዕነትን ተራእዩ ድማ ናይ ምንባብን ቁጽር ፈተና ኪወሃቦም ይኽእል እዩ። እዚ ፈተና ነቶም ካብ 4-7ይ ክፍሊ ዘለው ተመሃሮ ኣይወሃብን እዩ። ብዝሓለፈ ናይ ስፕሪንግ ናይ ትምህርቲ ዓመት ኣብ ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ንዘይነበሩ ኣይምልከትን እዩ። ካብ 4ይ ስጋብ 7ይ ክፍሊ ንዝለው ተመሃሮ ንምግምጋም ናይ ዋስል ፈተና ውጽኢት ክንጥቀም ኢና። ናይዚ ፈተና ውጽኢት ኣብ ናይ ተማሃሮ መዝገብ እንተዘይሊዩ ድማ ኣይ.ቲ.ቢ.ኤስ ዝተባህለ ፈተና ብምሃብ ኪግምገሙ እዮም። ኣብ ኪንደርጋርተንን ቀዳማይ ክፍልን ዝርከቡ ተመሃሮ በቲ ናይ ፍልጠት መዐቀኒ ፈተና ዝረኸብዎ ነጥቢ ምኽንያት ተወሳኺ ናይ ምንባብን ቁጽርን ፈተናታት ኪወሃቦም ዘድልይ እንተኾይኑ" ውድኮክ ጆንሰን" ዝተባህለ ፈተና ኪወሃቦም እዩ።

## ኣብቲ ፕሮግራም ብቑዕ ንምኳን ናይ ምንባብን ቁጽርን ናይ መዐቀኒ ፈተናታት ውጺኢት ምሃብ ይከኣል ድዩ ?

ኣብዚ እዋን ኣብ ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ዘይመሃሩ ነገር ግን ናይ ምንባብን ቁጽርን ፈተናታት ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ ቀጽሪ ኮይኖም ብግቡእ ናይ ፍልጠት መዐቀኒ ፈተና ዝወሰዱ ተመሃሮ ድሕሪ መጋቢት(ማርች) 1, 2008 ዝወሰድዎ እንተኾይኑ ከቕርብዎ ይኽእሉ እዮም። ናይቲ ፈተና ውጽኢት ናብ ናይ ኣድቫንስ ለርኒንግ ቤት ጽሕፈት ስጋብ ታሕሳስ(ዲሰምበር) 16, 2008 ኪወሃብ ኣለዎ። ቅቡል ኪኸውን ድማ ብሃገር ደረጃ ፍሉጥ ዝኾኑ ፈተናታት ከም (ኣይ.ቲ.ቢ.ኤስ፤ ኤ.ኣር.ቢ.፤ ወይ ድማ ነቶም ካብ ሲያትል ወጽኢ ዝመሃሩ ተመሃሮ ናይ ዋስል ፈተና ነጥቢ ኪኸውን ኣለዎ። እቲ ዝቐርብ ናይ ፈተና ውጽኢት ድማ ኣብቲ ተመሃራይ መዝገብ ኪቕመጥ ኪግበር እዩ። ነገር ግን ነቲ ኣብክንዲ እቲ ናይ ፍልጠት መዐቀኒ ፈተና ኪኸውን ኣይክእልን እዩ።

## ሓደ ተመሃራይ ብቑዕ ኣይኮንካን ተባሂሉ ንዝተወሰለሉ ውሳኔ ይግባይ ንምባል ዝኽእል ኣሰራርሓ ኣሎዶ ?

እወ። ብዛዕባ ከመይ ኢልኩም ይግባይ ንምባል ከምትኽእሉ ዝሕብር በቲ ዝለኣኽልኩም ደብዳብ ክግለጸልኩም እዩ። ከምኡውን ኣብ ናይ ኣድቫንስ ለርኒንግ ዌብ ሳይት ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም። ብግሊ ዝተገብሩ ገምጋማት ኣብቲ ጊዜ ይግባይ ዝበሃለሉ ጊዜ ኪቐርቡ ይኽእሉ እዮም።

## እቶም ተመሃሮ ብቑዕነቶም ዝተሓለወ ኪኸውን ኣብ ዓመት ዓመት ክፍተኑዶ ኣለዎም ?

እቲ ተመሃራይ ኣብ ናይ ኣክስሌሬትድ ፕሮግሬስ ፕሮግራም(ኤፒፒ)፤ ስፔክትረም ፕሮግራም፤ ወይ ድማ ኣድቫንስ ለርኒንግ ኦፖርቹኒቲ(ኤ.ኤል.ኦ) ኣብ ዝተባህሉ ፕሮግራማት ዝተመዝገበን ውጽኢት ድማ ዝረከበ እንተኾይኑ ብቑዕ ምኳኑ ንምሕላው ዓመት ዓመት ምፍታን ኣይድልይን። እዚ ድማ እንኮላይ ካብ 5ይ ናብ 6ይ ክፍሊ ዝሰጋገሩ ተመሃሮ ይምልከት እዩ። ኣብ ናይ 2008-2009 ናይ ፈተና ጊዜ ተፈቲኖም ብቑዕ ኮይኖም ዝተረኽቡ ተመሃሮ ኣብቲ ፕሮግራም ተመዝጊቦም እንተድኣ ዘይተማሂሮም ኣብቲ ቀጻሊ ፈተና ከምእንደገና ኪፍተኑ ኣለዎም። ነቲ ፕሮግራም ዘመልከቱ ተመሃሮን ኣብ ምጽባይ ዝርከቡ ተመሃሮ እቲ ጊዜ ኪናውሓሎም እዩ። ነገር ግን ነቲ ዝቕጽል ዓመት ወይ ድማ ንምፍታን ክፉት ኣብዝኾነሉ እዋን ኪምዝገቡ ኣለዎም።

## ውላደይ ኣብ ናይ ግሊ ቤት ትምህርቲ እዩ ዝመሃር። ንታሴራ ቁጽሪ እንታይ ክጥቀም ?

ቅድሚ ሕጂ ንውላድኩም ኣብ ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ኣመዝጊብኩም ወይ ድማ ኣመልኪትኩም እንተኾይኑ ናይ ውላድኩም ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ናይ ታሴራ ቁጽሪ ኣለዎ። ኣብ ናይ ግሊ ቤት ትምህርቲ ደቆም ዘምህሩ ወለዲ ብዛዕባዚ ዝፈልጥዎ እንተዘየሎ ወይ ድማ ቁጽሪ ታሴራ እንተዘይብሎም ነዚ ዝሓትት ሕቶ ከይመላእኩም ክትገድፍዎ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ ሶሻል ሴኩሪቲ ቁጽርኹም ኣይትጽሓፉሉ።

## ኣብቲ መመርጺ ቅጥዒ ንምንታይ እዩ ብዛዕባ ዓሌት ሕቶ ዘሎ ?

ኣብ ናይ ሲያትል ቤት ትምህርት ናይ ታሴራ ቁጽሪ ንምሃብ እዚ ኣገዳሲ ሓበሬታ እዩ። ኣብዚ እዋን ኣብ ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ዘይተመዝገቡ ተመሃሮን ታሴራ*ዘይብሎም ድማ ኪህልዎም የድልይ እዩ።

- ውላድኩም ኣብ ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ኣብዚ እዋን እዚ ዘይተመዝገበ እንተኾይኑን ናይ ሲያትል ታሴራ ቁጽሪ እንተዘየሊዎ ካብዚ ካብ ዝስዕቡ ሓደ ምረጹ፤ AI ኣሜሪካን ኢንዲያን □ AN ኣላስካን ኔቲቭ፣ BL ብላክ(ጸሊም)፣ CH ቻይኒዝ□ EI ኢስት ኢንዲያን□ FI ፍሊፒኖ□ GY ጂፕሲ □ HA ሂስፓኒክ ኤዥያን ወይ ፓስፊክ ኣይላንደር፣ HB ሂስፓኒክ ብላክ□ HI ሂስፓኒክ ኢንድያን፣ HW ሂስፓኒክ ዋይት፣ ; JN ጃፓኒዝ፣ KO ኮሪያን□ NA ኔቲቭ ኣሜሪካን ወይ ካልእ ኣላስካን ኔቲቭ፣ OA ካልእየኤዥያ ወይ ፓስፊክ ኣይላንደር□ SA ሳሞኣን□ SO ሳውዝ ኢስት ኤዥያን፣ VI ቬትናሚዝ፣ WH ዋይት

**ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ዝቕጽል ተጻሒፉ ዘሎ ናይ መርበብ ኣድራሻ ርኣዩ።**
**http://www.seattleschools.org/area/advlearning/index.xml**



**ናይ መምረጺ ቅጥዒ ዝምለሰሉ ዕለት ጥቅምቲ(ኦክቶበር 8, 2008 እዩ።**

TIGRIGNA

**Advanced Learning**

*Mailing address: M.S. 32-936 – P.O. Box 34165 Seattle, WA 98124-1165*
*Web address*: http://www.seattleschools.org/area/advlearning/index.xml *Phone: 206-252-0130*

## ናይ ጸብለልትነት(ኣድቫንስድ) ዝኾነ ትምህርቲ ፕሮግራማትን ኣገልግሎትን እንታይ እዩ ?

ናይ ጸብለልትነት ትምህርቲ ፕሮግራማት ምስቅልቃል ዝበለን ቅልጡፍ ዝኾነ ትምህርቲ ነቶም ፍሉይ ክእለት ዘለዎም ተመሃሮ ዝወሃብ ትምህርቲ እዩ። ኣብዚ ፕሮግራም ዝመሃሩ ተመሃሮ ካብ ኩሉ ባህሊ፣ቋንቋን ናይ ማሕበራዊ ኢኮኖሚያዊ መሰረት ካላቸው የሚውጣጡ ናቸው። ዝተፈላለይ ክእለትን ናይ ፈተና ውጽኢት ዘለዎም እዮም። እዚኦም ተመሃሮ ናይ ምፍጣር ክእለቶም፣ኣረኣእዮኦምን ኣትኩሮኦምን ከበረታትዕ ዝኽእል ሃዋህው ዘለዎ ፕሮግራማትን ኣገልግሎታትን የድልዮም እዩ። ምዕቡል ንዝኾኑ ፕሮግራማት/ብቑዕነት ዝዕቅን ፈተና፤ ናይ ኮሌጅ ቦርድ ናይ ምዕቡል ትምህርቲ ምደባ ፈተናታት ዘካይዶ እቲ ብዛዕባ ምዕቡል ዝኾነ ትምህርትታት ዝከታተል ቤት ጽሕፈት እዩ።

| ፕሮግራም | ክፍሊ | ብቑዕ ንምኻን ፈተና | ስርዓተ ትምህርቲ(ካሪኩለም) |
|---|---|---|---|
| ቅልጡፍ/ምዕቡል ዝኾነ ትምህርቲ ዕድል(ALO) | 1-8 | አየድልን | ኣብ ናይ ምንባብን ቁጽርን ምዕቡል/ቅልጡፍ ኾነን ብልጹግ ዝኾነን ስርዓተ ትምህርቲ(ካሪኩለም) |
| ስፔክትረም ናይ መንእሰያት ምሁራን | 1-2 | የድልይ | ኣብ ናይ ምንባብን ቁጽርን ቅልጡፍ ዝኾነ ካሪኩለም(ብፍላይ ካብቲ ዘለውዎ ክፍሊ ደረጃ ብሓደ ክፍሊ ዝያዳ ዝኾነ ትምህርቲ |
| ስፔክትረም | 3-8 | የድልይ | ብምንባብ(ላንጉጅ አርት) ብቑጽሪ(ካብቲ ዝርከብዎ ናይ ክፍሊ ደረጃ ሓደ ክፍሊ ንላዕሊ ንዘለው ዝወሃብ ዝቐልጠፈ ካሪኩለም |
| አክስሌሬትድ ፕሮግሬስ ፕሮግራም (APP) | 1-8 | የድልይ | ብምንባብ(ላንጉጅ አርትስ) ን ብቑጽሪ(ካብቲ ዝርከብዎ ናይ ክፍሊ ደረጃ ክልተ ክፍሊ ንላዕሊ ንዘለው ዝወሃብ ካሪኩለም |
| አለም ለኻዊ ባካላውሬት | 9-12 | አየድልን | ብናይ ዓለም ለኻዊ መልክእ ዝተዳለወን ዝተገምገመን ናይ ትምህርቲ ፕሮግራም ኮይኑ ናይ ኮሌጅ ነጥቢ ከውህብ ዝኽእል ጽዑቕ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ |
| አድቫንስድ ፕሌስመንት | 9-12 | አየድልን | ብኮሌጅ ቦርድ ዝመሓዳደርን ናይ ኮሌጅ ነጥቢ ከውህብ ዚኽእል ናይ ካልኣይ ደረጃ ጽዑቕ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ |

## ውላደይ ኣብዚ ፕሮግራም ኪመሃር ቅድሚ ንኽፍተን ምምራጸይ ?

ካብዚ ቀጺሎም ንዘለው ናይ ውላድኩም ባህርያት ምርኣይ የድልይ እዩ።

| | |
|---|---|
| ናይዘረባ ክእለት | ✓ ካብ ዕድሚኡ ንላዕሊ ቃላት ይጥቀም<br>✓ ብዘይ ምቁራጽ ይዛረብ፤ሕቶታት ይሓትት |
| ናይ ኣተሓሳስባ ክእለት | ✓ ብዙ ሃሳቦችን ያፈልቃል ብዙሕ ሓሳባት ኣለዎ<br>✓ ንጸገማት ብዙሕ ፍታሕ የምጽእ |
| ናይ ምምሃር ባህርያት | ✓ ቀልጢፉ ብዛዕባ ሓበሬታታት ይርዳእ፤ ነቲ ዝተመሃሮ ይዝክር<br>✓ ከቢድ ነገራት ምስራሕ ይደሊ፤ እቲ ልሙድ ዝኾነ ዕዮታት ብጊዜኡ ከይውድእ ይኽእል። ነቲ ግዜኡ ኣብቲ ንዕኡ ትርጉም ዝህቦ ፕሮጀክትታት ጌዜ ከጥፍእ ይደሊ። |
| ናይ ምምሃር ሃረርታ | ✓ ኩሉ ጊዜ ኣብ ፍሉያት ኣርእስትታት/ፕሮጀክትታት ንምዕያይ ብጣዕሚ ድሌት የሕድር<br>✓ ዕዮ ንምስራሕ ብዙሕ መምርሕታት ኣይደልን ወይ ድማ ኣይጽበይን፤ ባዕሉ መርሚሩ ምፍላት ይደሊ። |
| ናይ ማሕበራዊ ስምዒታዊ ዕቤት | ✓ ናይ ካልኦት ስምዒት ይሕልው፤ ፍትሒ የተሓሳስቦ<br>✓ ጌጋ ኪህልዎ ኣይደልን/ ጌጋ ኪህልው ከሎ ብቐሊሉ ይበሳጨው<br>✓ ካብ ዕድሚኡ ንላዕሊ ምስ ዝኾኑ ተመሃሮ ወይ ድማ ዓበይቲ ሰባት ምዝርራብ ይፈቱ |
| ምንባብ | ✓ ናይ ምንባብ ክእለቱ ልዑል እዩ፡ ካብቲ ዘለዎ ክፍሊ ንላዕሊ የንብብ ወይ ድማ ገና ቆልዓ ከሎ ምንባብ ይጅምር |
| ናይ ቁጽሪ ክእለት | ✓ ቁጽሪ ይፈቱ። ካብቲ ዘለዎ ክፍሊ ንላዕሊ ቁጽሪ ይሰርሕ፡ ገና ቆልዓ ከሎ ኣብ ልዕሊቁጽርታት ድሌት የሕድር |

**ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ዝቕጽል ናይ ዌብ አድራሻ ርኣዩ**

**http://www.seattleschools.org/area/advlearning/index.xml**

*TIGRIGNA*

SEATTLE PUBLIC SCHOOLS

**Advanced Learning**
*Mailing address: M.S. 32-936 – P.O. Box 34165 Seattle, WA 98124-1165*
*Web address*: http://www.seattleschools.org/area/advlearning/index.xml *Phone: 206-252-0130*

# ናይ ወላዲ/መዕበይቲ ፈቓድ መሃቢ ቅጥዒ

(ኩሉ ፈተናታን ቅድሚ ምውሃቡ እዚ ቅጥዒ እዚ ኪምላእን ክፍረምን ኣለዎ)

| | |
|---|---|
| ናይ ተመሃራይ ስም ኣቦ ሓጐ     ናይ ተመሃራይ ስም     ስም ኣቦ | ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ታሴራ ቁጽሪ(ኣድላይ እዩ) |
| ናይ ወላዲ/መዕበይቲ ስም(ብሙሉእ ጽሓፍዎ) | ናይ ክፍሊ ደረጃ(08-09) |
| ናይ ገዛ ኣድራሻ<br>ሲያትል ዋሽንግተን 98__________ | ሕጂ ዝመሃረሉ ቤት ትምህርቲ(08-09) |
| ቁጽሪ ቴሌፎን | ዝተወልዱሉ ቦታ |
| ናይ ኢሜል ኣድራሻ | ጾታ |
| ውላድኩም ብ 504 ፕላን መሰረት ንፈተና ዘድልይ ክመዓራረይ ዘድልይ ነገራት እንተለኩም ኣብዚ ሳጹን ዝመስል ምልክት ጌርኩም ነቲ ናይ 504 ፕላን ኮፒ ኣብ ላዕሊ ተጻሒፉ ናብዘሎ ኣድራሻ ☐ ቅድሚ እቲ ፈተና ምብጽሑ ልኣኹልና። | ኣብ ገዛ ዝዝረብ ናይ መጀመርታ ቋንቋ |
| ውላድኩም ኣብ ናይ ምዕቡል ዝኾነ ናይ ምምሃር ፕሮግራም ንኽመሃር ብቐዕ ኮይኑ ተመሪጹ ወይ ድማ ተፈቲኑ ይፈልጥ ድዩ ? እወ______ኣይፋልን_______። እወ እንተ ኢልኩም ኣብ መኣዝ ዓመት እዩ ውላድኩም ዝተገምገመ። | * ዓሌት/ዘርኢ |

***ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ተማሃራይ ወላዲ/መጉዚት***

ውላደይ ኣብ ናይ ምዕቡል ዝኾነ ናይ ምምሃር ፕሮግራም ክፍተን እፈቅድ። ናይ ፍልጠት መለክዒ ፈተና ንኹሎም ተመሃሮ እዩ ዚወሃብ። ናይ ምዕባለ(ኣችቭመንት) ፈተና ድማ ኪወሃብ ይኽእል እዩ። ንምሕታት ብቑዕ ምዃኑ ኣቕዲምካ ንምፍላጥ ዘኽእል ሓበሬታ፣ኣብቲ ፕሮግራም ብዛዕባ ዘለው ኣማሪጺታትን ጥርዓን ንምቕራብ ከመይ ከምዝግበር ዝምልከት ( WAC 392-170-047 )
መብርህታት ተዋሂቡኒ እዩ።

ፊርማ_______________________________________________ ዕለት__________

***ኣብ ናይ ግሊ ዝመሃሩ ተመሃሮ ወለዲ/መጉዚት***

ውላደይ ኣብ ናይ ምዕቡል ዝኾነ ናይ ምምሃር ፕሮግራም ክፍተን እፈቅድ። ናይ ፍልጠት መለክዒ ፈተና ንኹሎም ተመሃሮ እዩ ዚወሃብ። ናይ ምዕባለ(ኣችቭመንት) ፈተና ድማ ኪወሃብ ይኽእል እዩ። ንምሕታት ብቑዕ ምዃኑ ኣቕዲምካ ንምፍላጥ ዘኽእል ሓበሬታ፣ኣብቲ ፕሮግራም ብዛዕባ ዘለው ኣማሪጺታትን ጥርዓን ንምቕራብ ከመይ ከምዝግበር ዝምልከት ( WAC 392-170-047 )
መብርህታት ተዋሂቡኒ እዩ።

ፊርማ_______________________________________________ ዕለት__________

**ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሲያትል ዘይምሃሩ ቆልዑ ዘለኩም ቤተሰብ ዘይምለሰልኩም $90 ዶላር ናይ መሳለጢ ቼክ ጽሒፍኩም ክትልእኩ ኣለኩም።**

ብናይ ብWAC 392-170-04 ሕጊ መሰረት ፊርማ ኣድላይ እዩ።

* ብኽብረትኩም ነቲ ሓበሬታ ዝሓዘ ካልኣይ ፓኬት ርኣይዎ።

**ካብ ኪንደርጋርተን ስጋብ 7 ይ ክፍሊ ንዘለው ናይ ወላዲ ናይ ፈቓድ ቅጥዒ ጥቅምቲ 8, 2008 ኪምለስ ኣለው።**
**ነቲ ናይ ፈቓድ ፎርምታት ኣብ ናይ ቤት ትምህርትኹም ጸሓፊ ክትህቡ ወይ ድማ ንናይ ኣድቫንስ ለርኒንግ ቤት ጽሕፈት ክትልእኹ ትኽእሉ።**